





# ዓቢ ሰላማዊ ሰልፊ
# ኣብ ከተማ ስቱትጋርት/ ሃገር ጀርመን

ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ኣብ ክልል ትግራይ ብልፍንቲ ውልቀ ማላኸቲ ኣብይን ናይ ጥራጥን ፈስን ማማህሩ እሰያስን ከምኡ`ውን ኢማራት ሃገር ዓረብን ዝካየድ ዘሎ ንማንም ሰብ ዘየርብሕ ኣዕናዊ ውግእ ንምሽፍን ብሓልዮት ባይቶ ይኣክል ጀርመን ኣብ ሠለስተ ዓበይቲ ከተማታት ጀርመን (በርሊን፡ ፍራንክፈርትን ስቱትጋርትን) ብሓደ እዋን ክግበር ዝተወደበ ህዝባዊ ሜጸዋዕታ ሙሠረት ብምግባር ሎሚ ቀዳም ሜልቲ ዕለት **21.11.2020** ካብ ሰዓት **14፡ 30** ክሳብ **16፡ 30** ድ.ቀ. ብዙሓት ኤርትራውያን ፡ ተጋሩን ከምኡ`ውን ጀርመናውያንን ካልኦት ዝተፈላለዩ ዓሌት ጸረ ውግእን ኲናትን ዝኾኑ ዝተሳተፉዎ ዓቢይን ድሙቕን ዕዉት ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ከተማ ስቱትጋርት ተኻይዱ። ኣብቲ ዝተገብረ ሰልፊ ብዙሕትን ኣገደስትን ጭፎሑታት ንኣብነት ``**ጽምኢ ኲናት ናይ ውልቀ ማላኸቲ ኣይነ ርውን፡ ብዘይወዓል ሕደር ውግእ ጠጠው ይበል፡ እምቢ ንውግእ እወ**

**ንሰላሞ ሕራይ ንሰላም ዕጭንውግእ፡ ወጹዕ ሕዝቢ ክዕወት እዩ፡** `` ወዘተ ... ዝብሉ ጽሑፋትን ፖስተራትን ብቛንቋታት ጀርመን፡ እንግሊዝ ከምኡ`ውን ትግርኛ ብዓውታ ድምጺ ተቓሊሖም ነበሩ።

ሰላማዊ ሰልፊ ብጸሎትን ባርኾትን ሓደ ትግራዋይ ጸሊም ኣልባስ ዝተኸደኑ ቀሺ ጀሚሩ ቀጺሉ ብኣባላት ሽማግለ ደለይቲ ፍትሒ ስቱትጋርት፡ ብኣባላት ባይቶ ደለይቲ ፍትሒ ባደን ቩርተምባርግ ከምኡ`ውን ኣባላት ዩናይትድ ፎር ኤርትራ በብተራ መግለጽታት ተዋሂቡ። ብተወሳኺ ኣባላት ሬድዮ ስቱትጋርት ትግርኛ፡ ወኪል ኮምዩኒቲ ትግራይ ኣብ ከተማ ስቱትጋርትን ወኪል ሞርበብ ሓበሬታ ኣሰና ኣብ ስቱትጋርትን ነናቶም መደረ ኣስምዑ። ብዙሓት መንእሰያትን ኣዴታትን ብግጥምን ጭዳረን ነቲ ሰላማዊ ሰልፊ ኣድመቐዎ። ጎድኒ ንጎድኒ ናይዚ ከኣ ብጀርመንን ብእንግሊዝን ተዳልዩ ዝመጸ ሰነድ ጽሑፋትን ፖስተራትን ንወጻእተኛታት ተሚልከትቲ ሰላማዊ ሰልፊ ተዓደለ። በዚ ጽፉፍን ንኣገባብ ሥርዓት ኮረና ቫይረስ ዝሓለወን መንገዲ ከኣ ብናይ ስውኣት ዝክር ልክዕ በቲ ዝተመደበሉ ሰዓት ሰላማዊ ሰልፊ ብዓወት ዛዘመ፡ ካብዚ ዕዉት ሰላማዊ ሰልፊ ዝተማሃርናዮ ዓቢ ትምህርቲ እንተድኣ ሃልዩ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ትግራይን ተፈላልዩ ክፈላለ ዘይክእል ሓደ ኣካልን ሓደ ማሰንገለን ምኳኑ እዩ። ብሚኣኦም እቶም ተሳተፍቲ ሰላማዊ ሰልፊ ነዛ ሞራር እዋን ሓቢሮም ክምክተዋ ከምዝኾኑ መንፈሶምን ልባዊ ሓሳብ ድልየቶምን ካብቲ ብሩህን ፍሕሹውን ገጾም ይንበብ ነይሩ። ኢድ ንኢድ ተተሓሒዞም ቃልሶም ምስዘኻዕብቱን ዘሜዕብሉን ከኣ ተዓወትቲ ኮይኖም ንህዝቦምን ሃገሮምን ከምዝድሕኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

**ወድቀት ንሃሱሳት ህግደፋውያን !**
**ወድቀት ንፋሺስት ዲክታቶራት - ኢሰያስን መሻረፈቱን !**
**ዓወት ንወጹዕ ህዝቢ ኤርትራን ትግራይን !**

ኣሰናዳኢ
ኣንገሦም ገ/ዮውሓንስ
ወኪል ኣሰና ኣብ ከተማ ስቱትጋርት